01/07/2011

# *መልሲ ንሕቶታት*

# *ክቡር ሓወይ*

# *ወደባት ግርማይ ኪዳነ*

*ድሕሪ እቲ ልሙድ ምውቅ ሃገራዊ ሰላምታይ ምቅራብ ብዛዕባ ሰልፊ ናህዳን ማሕበር ጀበርትን ዘርኢ ጉዳይ ንዝሓተትካየን ኣርባዕተ ሕቶታት ክምልስ ደስ እንዳበለኒ እዩ።*

*<u>መተሓሳሰቢ</u> - እዚ መልሲ ንኣቶ ግርማይ ይኹንምበር፣ ንኹሉ ወዲ ሃገር ኣብ መርበብ ዝከታተልውን ዝምልከት እዩ። ኣብ ኣቅራርባ ጽሑፈይ ብቅልል ዝበለ ቋንቋ ትግርኛ ፣ ብዝተኻእለ መጠን ኩሉ ወዲ ሃገር ክርደኦ ንማለት በታ ዘላትኒ ክእለት የቅርብ ኣለኹ። ኣነ ካብ መጀመርያ ትምህርተይ ብቋንቋ ዓረብኛ ኮይኑ ፣እታ ዝሕበነላ ቋንቋይ ትግርኛ ብምኳና ፣ በታ ዘላትኒ ዓቅመይ ይምልስ ኣሎኹ። ብተውሳኺ ናይዚ ዝወሃብ ዘሎ መልሰ ሓላፍነት ኣነ ጥራሕ ስለ ዝኾንኩ ንዘይበረሄ ነጥብታት ክምልስ ተዳልየ ኣሎኹ። ከምኡውን ካሎኦት ኣፍልጦ ዘሎውን ኣሕዋት ኣብዚ ሕቶታት ክምልሱ የማሕጽኖም ።*

*ማሕበር ጀበርቲ ቅድሚ ሓምሳ ዓመት ተመስሪቱ። ቀንዲ ቅዋሙ ድማ ወዲ ጀበርቲ ኣብ ሕብረተሰብኣውን ትምህርታውን ቁጠባውን መዳያት ክምዕብል ዝብል እዩ። ካብዚ ብምብጋስ ንብዙሓት ስድራ ቤታትን ዘኽታማትን ሓያማትን ዓዲ ዝወዓሉን ሓገዝ ገይሩን ይገብርን ኣሎ። ማሕበር ጀበርቲ ናይ ገዛእ ርእሱ ዱስቱርን ውሽጣዊ ሕግን ዘሎዎ ኾይኑ ፣ ኣባላቱ ብኡ ተቅይዶም ይምርሑ። ማሕበር ጀበርቲ ኣብ መጀምርያ ስውራ ኤርትራ ኣብ ዝጀመረሉ እዋን ብዝካኣሎ ሓገዝ ከምዘወፈየ ፣ እቶም ብሂወቶም ኣብ መርሒነት ዘሎው ክምልስዎ ይኽእሉ እዮም ።*

*ብወገን ሰልፊ ናህዳ ኣብ ህላውነት ዘብጸሖ ኣብ ኤርትራ " ሪፈረንዱም " ኣብ ዝግበረሉ ዝነበረ ግዜ ፣ " ብሔረ ጀበርቲ " ከምዘየለ ተቆጺሩ መሰሉ ስለዝተነፈገ፣መንነቱ ኣጥፊኡ ናብ ብሔረ ትግርኛ ክቅየር ስለዝተገብረ፣ እንታይነቱ ንምርግጋጽ ቃልሱ ጀሚሩ። ኣብ ከምዚ ዓይነት ኩነታት ድማ " ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ " ተመስሪታ ።*

*ሰልፊ ናህዳ ከም ፖሎቲካዊ ውድብ መጠን ፣ ኣባል " ኪዳን ። ብምኳን ንዲክታተርያዊ ስርዓት ካብ ሱሩ ንምብርቋቅ ይቃልስ ኣሎ። ሰልፊ ናህዳ ካብ ዝቆውም እነሆ 6 ዓመት ኮይኑ ። ኣብ ሓጺር ጌዚ ብዙሕ ስራሓት ኣሳሊጡ እዩ።*

*ሰልፊ ናህዳ ካብ ማህጸን ማሕበር ጀበርቲ ዝተወልደት እያ። ብመሰረቱ ኣብ መንጎኤን ዓብይ ፍልልይ የለን ። ኩሉ ጌዚ ድማ ናይ ምርድዳእን ምቅርራብን መንፈስ ኣሎ ።*

*ማሕበር ጀበርቲ " ሲቪላዊ " ሕብረተ- ሰብኣዊ ክኸውን እንኮሎ ፣ ሰልፊ ናህዳ ግን ንጹር ናይ ፖሎቲካ ሕንጻጽ ዘሎዎ ውድብ እዩ ።*

*ቃልስን መንነትን ዋናታቱ ጥራሕ እዮም ዝውስንዎ። ቃልስኻ ከተደልድል ድማ ሓድነት የድልየካ ። ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዝጠቀስክዎ፣ናይ ምርድዳእ መንፈስ ኣሎ። ዘተውን ይካየድ ኣሎ። ኣብ ዝቀልጠፈ ጊዘ ድማ ኣብ ሓደ ምርድዳእ ክምንበጽሕ በዓል ዓብይ ተስፋ እየ።*

*ብተውሳኺ ነዚ ኣብ ካባቢና ተፈጢሩ ዘሎ ህዝባዊ ሰውራ ኣብ ግምት ኣእቲና ፣ ማሕበር ጀበርቲ ድስቱሩን ውሽጣዊ ሕጉን ክቅይር ኣሎዎ በሃላይ እየ። ምኽንያቱ ቅድሚ ሓምሳ ዓመት ዝተጻሕፈ ስለዝኾነ። ሕጂ ግን ምስ ጊዜን ኩነታትን ብዝሰማማዕ ኣገባብ ጌርካ ሓድሽ መምሪሒታት ክፍጠር ኣሎዎ ይብል።*

*ክምኡውን ሓውን ሓፍትን ኣብ ዝተፈላለይ ኩርናዓት ዓለም ዘሎኹም ብብዘለኩም ክእለት ክትጽሕፌ እንዳተላበኹ ። ኣነ ክእለተይ ኅደሎ እዩ። ኣጸሓሕፋይውን ወገን የብሉ ። ግን ኣብ ዓቢ ነገር ክትብጽሕ ብንእሽቶይ ክትጅምር ስለዘለካ ፣ እቲ ጉዳይ ምጽሓፍ ተጀሚሩ ኣሎ ። እቶም ክትጽሕፌ ጀሚርኩም ዘሎኹም ድማ ክትቅጽልዎ እምነተይ ደረት የብሉ ።*

*ነዚ " ሶናሚ " ናይ ብሑረ ጀበርቲ ዘባረዕ ሓወ ወደባት ግርማይ ኪዳነ ብዘርኣዮ ተግደስነት እንደገና እዳመስግንኩ፣ ጽሑፋቱ ቀጻሊ ክኸውን ፣ ዕድመን ጥዕናን ክሀቦ ኣብ መዓልታዊ ጸሎተይ " ዱዓይ " ናብ ረቢ የቅርብ ።*

*እተን ኣርብዕተ ሕቶታትውን በዚ ተመሊሰን ክኾና ተስፋ ይገብር። ክሳብ ኣብ ዝመጽእ እንራኽብ ዳሓን የጽንሓና ኣሜን*

***ሸኽ / ሥራጅ መሐመድ ኑር***

*ሪያድ*